
FHI Folkehelseinstituttet

# ሓበሬታ ብዛዕባ ኽታበት ኢንፍሉወንዛን ኮሮናን




## መን እዩ ነቲ ክታበት ክወስድ ዘለዎ፧

- ኩሉ ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድሚኡ ሰብ ንኽልቲኡ ክታበት ክወስድ ኣለዎ።
- ሕዱር ሕማም ዘለዎም፡ ኣዝዩ መጠኑ ዝሓለፈ ርጉዲ ዘለዎም፡ ወይ ነፍሰጾር እውን ነቲ ክታበት ክወስዱ ኣለዎም።
- እዚ ንዓኻ ዝምልከት እንተ ኾይኑ ርግጸኛ እንተ ዘይኴንካ ምስ ሓኪምካ ተዘራረብ።



## እቲ ክታበታት ብኸመይ ይሰርሕ፧

- እቲ ክታበታት ንኣካላትና ካብ ኢንፍሉወንዛን ኮሮና ቫይረስን ክከላኸል ይምህሩ።
- እቲ ክታበታት ብመርፍእ ኣብ ቅልጽምካ ሓንሳእ ጥራይ እዩ ዝወሃብ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቅልጽም ብሓንሳብ ክውሰድ ይኽእል እዩ።
- እቲ ክታበታት ኣብ ኣካላትካ ስራሑ ክጅምር ካብ 1-2 ሰሙን ይወስድ።



## ድሕሪ ክታበት

- ብዙሓት ሰባት ኣብቲ መርፍእ እተወግኡሉ ቦታ ቁሩብ ቃንዛ ክስምዖምን ቁሩብ ክቐይሕን ክሓብጥን ይኽእል።
- ገለ ሰባት ከኣ ረስኒ፡ ቃንዛ ጭዋዳታት፡ ቁሩብ ናይ ሕማም ስምዒት ወይ ድኻም ይስምዖም።
- እዚ ድሕሪ ቁሩብ መዓልታት ባዕሉ ይጠፍእ።
- ድሕሪ ክታበት ብዛዕባ ዝስምዓካ ምልክታት ርግጸኛ እንተ ዘይኴንካ፡ ንሓኪም ተወከስ

እዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ካብዚ ዝስዕብ ወብሳይታት ከተራግፎ ይከኣል እዩ፡-
www.fhi.no/influensavaksine ከምኡውን
fhi.no/voksenvaksinasjon